ተግባር ዘይምህሮም ልኩማትን ኣመለኸትን

ተዋሪዳ ሃገር ብእኸብካብ በጋሚዶ

ብምልክን ፍርሕን ዝተፈጥረ ጽምዶ

ተነቕኒቑ መሰረት ፈሪሱ እቲ ኣጉዶ

ርእሲ ምልኪ ኣብ ሃገር፡ ኣቕራቢ ስንቂ ኣብ ማዕዶ

ወዮ ጅግና ህዝቢ ኮይኑ መእሰር ኣልቦ ማኣዶ።

ኣካ ረኣናዮ ብቕዓትን ንቕሓትን ህግደፋውያን

መኣዝንካ ኣጥፍኢካ ኣብ መንገዲ ምዕዋን

መግዛእቲ ኣባሪርካ ገዛኢ ምኻን ኣብ'ዚ ስልጡን እዋን

ፍርሕን ስሰዐን ወዲኑ ክኸይድ ብሓደ እዋን።

እቲ ውሱን ወሳኒ መሪሕነታዊ ጃንዳ

ፈራሕ ተጀሃሪ ልሳኑ ዕሪ ከም ማይ ዛንገዳ

ምስምስ ፈጢሩ ኲናት ባድመ ምስ ኣጎዳ

ሃብታም ገንዘብ ሃባ ተበገሰ በዓል ዳንጋ

ኢሉ ሃገር ኣብ ሃልሃልታ ሓዊ ኣእትዩ ምስ ኣንደዳ

በዓል ኣደይ ዘይነበረን ሕማም ኣጥሪያ ዓበዳ

ሃገር ህዝባ ስኢና ኣተወት ኣብ ዘይክፈል ዕዳ።

ልኩማትን ኣመለኸትን ግን ወትሩ ሕጉሳት

ሕልና ኣልቦ መሰል ኣልቦ ዕቡሳት

ዘይእመኑ ኣመንቲ ወደስቲ መጣቓዕቲ

ገዛእ ርእሶም ዘየመሓድሩ ብኩለንተናኦም ምሉኻት

ኣብ ትሕቲ ምሕረት ካልኦት ዝነብሩ ነጻነት ኣልቦ ፈራሓት

ኣብ ራዕዲ ዝነብሩ መንነት ዘጥፍኡ ካብ ጊሓት።

ኢሳያስ ኣምላኾም ህግደፍ ሃይማነቶም

ህዝቦም እናሃለቐ እናፈረሰ ማይቤቶም

ነገራት ዘየንብቡ፣ ኣእምሮኦም  ዝሸጡ ጣቕዒት ዝለይቶም

ተዛረብቲ ዓቕሓ ዝሞቱ ብደዎም

ብህይወት እንከለው መድረኽ ዝሰገሮም።

ገለ በሃማት ልኩማት መዳመቕቲ

ገለ ዝሩጓት ነብሶም ዝነዓቑ ኣመለኽቲ

ገለ ማእከል ሰፍረቲ ኣሳሰይቲ ተበለጽቲ

እኩብ ድምር ኩሎም ድኹዒ መለኽቲ።

ንእዝኒ እንዘይኣመኑ እንተጠርጠሩ

ካብ ዕለታዊ ተመክሮኦም ዘይመሃሩ

ብኢሳያስ ካብ ዝምክሑ ዝፍክሩ

ኣባላት ህግደፍ ኢና ኢሎም ካብ ዝግዕሩ

ብዛዕባ ኢሳያስ ህግደፍ ከይተመራመሩ

ብዓይኖም ካብ ዝሪእዎ ጸረ-ህዝቢ ተግባሩ

ካብ ጉድለቶም ዘይመሃሩ መርገጾም ዘይቅይሩ።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፣ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፣ 28-06-2017